

# ዕድመ ቁልዕነትን ትምህርትን

## ንውላድኩም ዝበለጸ ደገፍ ምቕራብ

ናብ ጀኔቫ ሕጂ  ዝኣተኹም እሞ፡ ተጠቀምቲ ናይ'ቶም ብትካል ሆስፒስ ጀነራል ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ዲኹም? ከም ወላዲት ብዛዕባ ክትገብርዮ ዘለኪ ወይ ብዛዕባ'ቲ ንውላድኪ ተቐሪቡሉ ዘሎ ንጥፈታት ሕቶታት ኣለኪዶ?
እዚ ሰነድ እዚ ናይ'ዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ዝሓዘ እዩ።

1. ዕለተ ልደት ህጻን ኣብ ጀኔቫ፡ ብዛዕባ ናይ ውላድኪ ምውላድ ብኸመይ ክትቅረቢ ከምዘለኪ
2. ናይ'ቲ ህጻን ቀዳማይ ዓመት፡ ነቶም ተመሃሮ ቅድመ-ትምህርቲ ዝኸውን ኣየናይ ናይ ወላዲ ወይ ህጻን ጉጅለታት ኣሎ?
3. ህጻን ኣብ ቤት ትምህርቲ ምህላው፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣየናይ ደጋፊ ቅርጽታት ኣሎ?
4. ወላዲት ምኳን፡ ብዛዕባ ትምህርቲ ናይ ውላድኪ ኣገዳሲ ሓበሬታ ርኸቢ?
5. ባህግታት/ንጥፈታት፡ ምስ ውላድኪ እንታይ ኢኺ ክትገብሪ?
6. ኣብ ስዊዘርላንድ ኣየናይ እዩ እቲ ሕጋዊ ስርዓት ቅጥዒ?

SCAN ME

## 1. ዕለተ ልደት ህጻን ኣብ ጀኔቫ፡ ብዛዕባ ናይ ህጻንኪ ምውላድ ብኸመይ ክትቅረቢ ከምዘለኪ

ሕጂ ናብ ጀኔቫ መጺእኪን ነፍሰ-ጾር ድማ ኢኽን፡
ናትከን ክኢላ ሕክምና ማህጸን፡ ጥንስኽን ብጽቡቕ ይምዕብል ከምዘሎ ንምርግጋጽ፡ ኣብ ናይ ውልቀም ቤት ጽሕፈት ወይ ክሊኒክ ወይ ኣብ ክፍሊ መወልዳን ዩኒቨርሲቲ ሆስፒታል ጀኔቫ (HUG) ብስሩዕ ቈጻጽርን መርመራን ከገብሩልክን እዮም።

**ኣብ እዋን ጥንሲ ካብ ደገፍ ዝህብ ፕሮግራም ረብሓ ምእንቲ ክትረኽባ ምስ'ዞም ዝስዕቡ ርክብ ክትገብራ ይግበኣክን፡**

- ክፍሊ መወልዳን ዩኒቨርሲቲ ሆስፒታል ጀኔቫ (HUG)፡ ኣደ ንኽትኮኒ ንምሕጋዝኪ ተባሂሉ (ቅድሚ ህጻን ምውላዱ ሓደ ግዜ፣ ድሕሪ ምውላዱ ድማ ሓደ ግዜ ርክብ ምግባር) ምስ ክኢላ መሕረሲት፡ ክልተ ቆጸራታት (ብፈረንሳ) ክቐረበልኪ እዩ።
- "ኣብ ጀኔቫ ጥንስቲ ምኺን"፡- ትምህርትታት ብዛዕባ ንኽትወልድ ምቅርራብ ነታ ቋንቋ ፈረንሳ ዘይትዛረብ (ኣገዳሲ እንተኾይኑ፡ ናብ ናትካ ቋንቋ ዝትርጎም እዩ) ዝኾነት ነፍሰ-ጾር ወይ ጥንስቲ ኣደ ዝወሃብ እዩ።
- ኣርካድ ሳገስ-ፈመስ (Arcade Sages-femmes)፡- ኣብ ጀኔቫ ብዙሓት ጨናፍር ኣርካድ ሳገስ-ፈመስ (Arcade Sages-femmes) ኣለዉ። ክብደት ህጻንኪ ዓቒንኪ ወይ ቅድምን ወይ ድሕርን ህጻንኪ ምውላዱ ፡ሞያዊ ምኽሪ ንምርካብ ሕቶታት ንኽትሓቲ ክትበጽሕዮም ትክእላ ኢኺ። ንክፍሊ መወልዳን ምስ ገደፍክዮ፡ ኩነታትክን ኩነታት ህጻንክን ጽቡቕ ከምዘሎ ንምርግጋጽ፡ መሕረሲት ናብ ገዛኺ ክትመጽኣኪ እያ።

**ብዛዕባ ምውላድ ህጻንኪ ኣመልኪትኪ ከመይ ጌርኪ ንቤት ጽሕፈት ምዝገባ ከተማ ጀኔቫ ጸብጻብ ክትህቢ ኢኺ?**

ህጻንኪ ምስ ተወልደ፡ ንቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወግዓዊ ጸብጻብ ንምቕራብ 3 መዓልታት ኣለኪ። መስርሕ ናይ'ቲ ወሊድ፡ ካብ ክፍሊ መወልዳን [ኣብ ግራውንድ ፍሎር ናይ ክፍሊ መወልዳን ዩኒቨርሲቲ ሆስፒታል ጀኔቫ (HUG) ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ] ክውሰድ ይከኣል እዩ።

ቤት ጽሕፈት ምዝገባ፡ ንኹሎም ኣገደስቲ ፍጻሜታት ዕድመ ሂወት ናይ'ቲ ሰብ ማለት ካብ'ታ ዝተወልደላ ክሳብ ዝሞተላ፡ ናይ ምምዝጋብ ስራሕ ኣለዎ። እዚ ቤት ጽሕፈት፡ ንኽም ስርዓት ናይ መንነት ካርድ፡ ፍቓድ ነባርነት ዝወጽኣሉን ሰርቲፊኬት ናይ ኣድራሻታት፡ ከምኡ ድማ ምስ ፍጻሜታት ናይ ሂወት ዝተሓሓዝ ከም ዕለተ ልደት፡ መርዓን ናይ ሞት ሰርቲፊኬትን ዝኣመሰለ ዝተረኽበ ሰርቲፊኬታት ዝምዝግብ እዩ።

ህጻን ምስ ተወልደ ዝኽፍል ኣበል ወይ መልዕሎ፡ .እቲ ህጻን ምስ ተወልደ ኣበል ወይ መልዕሎ (ሓደ ግዜ ዝኽፈል) + ንቶም ትሕቲ ክልተ ዓመት ዝዕድሜኦም ህጻናት ዝወሃብ ኣበል ወይ መልዕሎ ድማ (ወርሓዊ ዝኽፈል) ብትካል ሆስፒስ ጀነራል ዝወሃብ እዩ።

ጂረሎ ወይ ናይ ህጻን ዓረብያ ኣበይ ይርከብ፡- ረንፋይል (Renfile)፡ ማሕበራዊ ማእከል ፕሮተስታትን፡ ኤማውስ ጀነቭ (Emmaus Genève)፡ ኣርካድ ሳገስ-ፈመስ (Arcade Sages-femmes)።

ትሕቱ ዝዋጋኡ ክዳውንቲ ህጻናት ኣበየናይ ይርከብ፡- ቨስቲየር ሲ.ኤስ.ፒ (Vestiaire CSP)፡ ካርታስ ብስሾፕ (Caritas Vet'Shop)፡ ኣርካድ ሳገስ-ፈመስ (Arcade Sages-femmes)

## 2. ናይ'ቲ ህጻን ቀዳማይ ዓመት፡ ንቶም ተመሃሮ ቅድመ-ትምህርቲ ዝኸውን ኣየናይ ናይ ወላዲ ወይ ህጻን ጉጅለታት ኣሎ?

ኣብ ምሉእ እቲ ኣውራጃ፡ ንወለድን ህጻናት ደቆምን (ዕድሜኦም ኣርባዕተ ዓመት) ዝኸውን ናጻ ጉጅለታት ኣለዋ።
ኣብ'ዚ ጉጅለታት እዚ ምስታፍ፡ ንዕብየት ህጻንኩም፡ ንምምሕባሩን ክውህሃድ ንኽሕግዞን ሰለዝኽእል ኣገዳሲ እዩ። ህጻንኩም ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሩ/ራ ገለ ኣፍልጦ ብዛዕባ ፈረንሳ ክረክብ ይኽእል እዩ።

ክንክን ህጻን ዝህቡ ቦታታትን ኣገልግሎታትን፡-

ኮንሲነለስ:- ክንክን ህጻን ዝህቡ መሳለጥያታት ኣብ ዝተፈላለየ ትካል ሆስፒስ ጀነራል ናይ ሓባራዊ መንበሪ ማእከላት ይርከቡ እዮም። እዞም መእሳለጥያታት ዚኣቶም ብወለዲ፡ ብወለንታውያን ከምኡ ድማ ብሉጽ ክንክን ብዝህቡ ሞያውያን ዝመሓደር እዩ።
መውዓሊ ህጻናት:- መውዓሊ ህጻናትን ማእከላት ቅድመ ትምህርትን ነቶም ዕድሜኦምኣብ **ሞንጎ ዓሰርተ ሽዱሽተ ሰሙናትን ኣርባዕተ ዓመትን ዝርከቡ ህጻናት ስሩዕ ናይ ክንክን ህጻን ይህቡ እዮም። እቲ ክንክን ህጻን ዝህብሉ ኣብ ሓደ ዝተወፈየ ቦታ ኮይኑ፡**ናይ ቀዳሞት ዓመታት ሞያውያን፡ ንምዕባለን ምምሕባርን ከምኡ ድማ ምምሃር ፈረንሳን ናይ ህጻናት ዘተባብዕ መዘናግዕን ትምህርታውን ንጥፈታት ዝህቡ እዮም። እቲ ህጻን **ወይ ኣብ ትርፊ ግዜ ወይ ኣብ ምሉእ ግዜ.** ክሳተፉ ይኽእሉ። ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ፡ እቲ ኣገልግሎታት እዚ ክኽፈሎ ኣለዎ።
መዋእለ ህጻናት:- መዋእለ ህጻናት ህጻናት ብኸመይ ይምሕበሩ ዝመሃርሉ ስለዝኾነ፡ ብስሩዕ ክሳተፍዎ ትጽቢት ይግበረሎም። ቀንዲ ዕላማኡ ከኣ፡ ነቶም ካብ ክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመት ዝዕድሜኦም ህጻናት ብሓንሳብ ክኾኑን ክጻወቱን ዝምህሮም እዩ። እቶም ህጻናት ንፍርቂ መዓልቲ እዮም ዝመሃሩ ወይ ሳሕቲ ግዜ ምሉእ መዓልቲ ይመሃሩ፡ እንተኾነ ኣብ'ቲ ቦታ ምሳሕ ኣይወሃቦምን እዩ። ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ፡ እቲ ኣገልግሎታት እዚ ክኽፈሎ ኣለዎ።
ንህጻን ዝከናኸኑ':- ንህጻን ዝከናኸኑ ከም መተካእታ መውዓሊ ህጻናት እዮም ኣገልግሎት ዝወሃብ። እዚ ማለት እቲ ህጻን ኣብ ገዛ ንይቲ ህጻን ዝከናከን ሰብ ምክትታል ይግበረሉ ማለት ኮይኑ፡ እቲ ዝከናከን ሰብ ነቶም ካብ ሓደ ክሳብ ሓምሽተ ዓመት ዝዕድሜኦም ህጻናት፡ ካብ’ታ ዝተወልዱላ ክሳብ ደቂ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ዝኾኑ ኣብ ሰሙን ንሓምሽተ መዓልቲ፡ ብዝለዓለ ኣብ መዓልቲ ንዓሰርተ ሰዓታት ዝከናከኖም ማለት እዩ። ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ፡ እቲ ኣገልግሎታት እዚ ክኽፈሎ ኣለዎ።
ዝተፈላለያ ማሕበራትእውን ነቶም ካብ ዝውለዱ ክሳብ ሓምሽተ ዓመት ዝዕድሜኦም ህጻናት ብኸመይ ይምሕበሩ ንወለድን ንጉጅለታት ህጻንን ሓጋዚ ትምርቲ ይህቡ እዮም። ናይ’ዚ ዝተፈላለየ ቦታታት ኣድራሻታት ኣብ ብሮሹር “Lieux d’accueil, de socialisation et d’intégration pour parents et enfants en âge pré-scolaire (0 à 4 ans)” ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም፣ [ንህጻናት ቅድመ ትምህርቲ (ካብ ዝውለዱ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመታት ዝበጽሑ) ንኽምሕበሩን ክወሃሃዱን ንወለድን ንጉጅለታት ህጻንን ሓጋዚ ትምርቲ ምሃብ”]፡ ብ BIE ዝተሓትመ። እዚ ኣድራሻታት እዚ ኣብ መርበብ ሓበሬታ Bonjour Genève ይርከብ እዩ።

ተጠንቀቑ! ወጻኢታት ናይ ክንክን ህጻንኩም ንክትከፍሉ ምስ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ስምምዕ ክትገብሩ ከድልየኩ እዩ።

ትምህርታውን ሓበሬታውን ፕሮግራማት:-

ፐቲስ ፓስ (petits Pas):- ንውለዲ ናይቶም ካብ ክልተ ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሜኦም ህጻናት ኣብ ገዛ ኣኼባ ክስራዓሎም ይኽእል እዩ። እቲ ዕላማ ነቲ ህጻን ንምንቅቓሕን ከምኡ ድማ ነቲ ህጻን ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ንምሕጋዝን እዩ። እቲ ኣገልግሎት ናጻ ኮይኑ፡ ብዝለዓለ ንዓሰርተ ሸሞንተ ኣዋርሕ ዝወሃብ እዩ።
Action Préventive en Milieu Familial (APMF):- ኣብ'ቲ ህጻን ጸገማት እንተደኣ ሃልዮዎ፡ ትካል APMF ኣብ ገዛ እናበጽሐ ኣብ ትምህርታዊ መዳይ ሓገዝ ይህብ እዩ። እቲ ኣገልግሎት ናጻ ኣዩ።
Bientôt à l’école:- ኣብ ሞንጎ ሞያውያንን ወለድን ዝህሉ ናይ መእተዊ ክፍለ ግዜያት፡ ብBureau de l’intégration des étrangers (BIE)፡ ምምሕዳር ከተማታት፡ ትካል ሆስፒስ ጀነራልን Département de l’Instruction Publique ዝተሰርዐ ኮይኑ፡ ወለዲ ምስ ቤት ትምህርቲ ንምልላዮምን ህጽናት ትምህርቲ ምስ ጀመሩ ንኽቕርብዎምን ዝዓለመ እዩ። ዓበይትን ህጻናትን ዝእከብሉ ቦታታት ተቐሪቦም ኣለዉ። እቲ ኣገልግሎት ናጻ ኣዩ።

## 3. ህጻን ኣብ ቤት ትምህርቲ ምህላው፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣየናይ ደጋፊ ቅርጽታት ኣሎ?

ህጻንኩም ድሮ ኣብ ትምህርቲ ምስ ዝህሉ፡ ገለ ክጠቕመኩም ዝኽእል ሓበሬታ ኣብ'ዚ ኣለኩም:-

ኣብ ጀኔቫ፡ ትምህርቲ ዝከታተሉ ህጻናት፡ ኣብ እዋን ናይ ምሳሕ ሰዓታት ከምኡ ድማ ድሕሪ ትምህርቲ ካብ ሰዓት 4 ድ.ቐ ክሳብ ሰዓት 8 ድ.ቐ ብGIAP ምክትታል ይግበረሎም እዩ (Groupement Intercommunal pour l’Animation Parascolaire) ።

ተጠንቀቑ! ወጻኢታት ናይ GIAP ህጻንኩም ንክትከፍሉ ምስ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ስምምዕ ክትገብሩ ከድልየኩ እዩ።

ትምህርቲ ብናታትኩም መበቆል ቋንቋን ባህልን:- ህጻናትኩም ብናይ ኣደታቶም ቋንቋ ምዕባለ ኣብ ምግባር ምእንቲ ክቕጽሉ፣ ቤት ትምህርቲ ንወለዲ ዝርዝር ኣስማት ናይተን ብመበቆል ቋንቋ ናይ'ቶም ዝመሃሩ ህጻናት ትምህርቲ ዝህባ ማሕበራት ክቕርበሎም እዩ። እዞም ኣገልግሎታት እዚኦም ዝኽፈሎም ከምዝኾኑ ብኽብረትኩም ፍለጡ። ዝወሃብ ሓገዝ ብመደብ ክኸውን ይኽእል እዩ።

L'école des parents: እዚ ንቶም ደቆም ትምህርቲ ዘከታተሉ ዘለዉ እሞ ቋንቋ ፈረንሳ ዘይዛረቡ ወለዲ ሓበሬታ ሓገዝን ዝወሃበሉ ክፉት ቦታ እዩ። እዚ ኣገልግሎታት እዚ ነዞም ዝስዕቡ ክኽፈል ኣለዎ። ዝወሃብ ሓገዝ ብመደብ ክኸውን ይኽእል እዩ።

**ኣብ ዕዮ ገዛ ምሕጋዝ:-**

ምስ Croix-Rouge Jeunesse ዘለዉ ወለንታውያን ንቶም ተመሃሮ ቀዳማይ ደረጃ ትምህርትን ንቶም ሓተትቲ ዑቕባ ኮይኖም ኣብ ትሕቲ ሓባራዊ መንበሪ ማእከል ዝነብሩ መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ህጻናትን (ዝበዝሕ ግዜ፣ ብዘይካ ናይ ትምህርቲ በዓላት) ዕዮ ገዛ ኣብ ምስራሕ ዝሕግዞም መደባት ይቕርበሎም እዩ።

**ሪላይንስ** (Reliance)፡ ንቶም ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ከተማታት ኦነክስ (Onex)፣ ኮንፊግኖን (Confignon)፣ ላንሲ (Lancy) ወይ ቨርኒየር (Vernier) ዝነብሩ ህጻናት ትምህርታዊ ደገፍ ዝህብ እዩ።

Villa Yoyo: ንቶም ዕድሜኦም ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ዝርከቡ ህጻናት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ረብዑን ቀዳምን ኣብ ዕዮ ገዛ ዝሕግዝ እዩ።

La Courte Echelle:- እዚ ፕሮጀክት እዚ ንዓበይትን ህጻናትን ከምዝራኸቡ ጌሩ ብሓንሳብ ዝሰርሖም እዩ።

**ኣራ/ኣጀታ** (Ara/Ajeta)፡ ንተመሃሮን ናይ ትምህርቲ ጸገም ዘለዎም ተልመዴንን ውልቃዊ ደገፍ ናይ ትምህርቲ እዩ። እዚ ትምህርቲ በቶም ኣብ ኮለጅ ዝርከቡ ተመሃሮ ዝወሃብ እዩ። እዞም ኣገልግሎታት እዚኦም ዝኽፈሎም ከምዝኾኑ ብኽብረትኩም ፍለጡ። ዝወሃብ ሓገዝ ብመደብ ክኸውን ይኽእል እዩ።

**ተጠንቀቑ! ናይ ዝገበርኩምዎ ወጻኢታት ንኽክፈሉ ምስ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ስምምዕ ክትገብሩ ከድልየኩ እዩ።**

## 4. ወላዲ ምዃን፣ ብዛዕባ ትምህርቲ ናይ ውላድኩምን ወይ/ ጥዕናኡን ኣገዳሲ ሓበሬታ ርኸቡ።

ወላዲ ምዃን ኩሉ ግዜ ቀሊል ጉዳይ ኣይኮነን! በዚ ምኽንያት ድማ'ዩ ምኽራዊ ኣገልግሎታት፣ ፍሉይ ሓገዝን ውልቃዊ ደገፍን ዝህባ ብዙሓት ውድባት ዘለዋ። ኣብ ኣሸጋሪ ኩነታት፣ ንቐልዓ ወይ ህጻን ናይ ምክልኻል ስጉምትታት ምስ ወለዲ ብምስራሕ ወይ ብውሳኔ ቤት ፍርዲ SPMI ክዳለዉ ይኽእሉ እዮም።
ዝተሓላለኸ ኩነታት ምስ ዘጋጥመኩም በይንኹም ኣብ ጽሙዋ ኣይትኹኑ! ምስ'ቲ ዝሕግዘኩም ሰራሕተኛ ርክባት ግበሩ!

## 5. ባህግታት/ንጥፈታት፣ ምስ ውላድኩም እንታይ ኢኹም ክትገብሩ?

ኣብ ጀኔቫ፣ ንህጻናት ካብ ትምህርቶም ወጻኢ ደስ ዝብሎም ነገራትን ንጥፈታትን ዝዝቕርቡ ብዙሓት ቦታታት ኣለዉ፣ ዝበዝሑ ካብኣቶም ብናጻ እዮም።
ኣገልግሎታት ዝኽፈሎም ምስ ዝኾኑ፣ ትካል ሆስፒስ ጀነራል ብቐንዱ ብመንገዲ ተወሳኺ ኣበላት ጌሩ ኣበርክቶ ክገብር ይኽእል እዩ። ምስ'ቲ ዝሕግዘኩም ሰራሕተኛ ተራኸቡ።

ተወሰኽቲ ንጥፈታት:- ስፖርት ምጽዋት፣ ነገራት ምስራሕ፣ ምስፋይ፣ ምቕባእ፣ ቋንቋ ምምሃር፣ ምስዕሳዕን ካልኦትን ንህጻናትና ከም ንጡፋት፣ ፈጠራውያን ርእሰ ተኣማንነት ዘለዎምን ናይ ምዃን ብዙሓት ዕድላቶም'ዮም ዝህብዎም።

**እዞም ዝስዕቡ ክርከቡ ዘለዎም ኣገደስቲ ዝርዝር እዮም:-**

GE DÉCOUVRE ኣብ ረቡዕ:-: ንቶም ዕድሜኦም ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ዓሰርተ ሽዱሽተ ዓመት ዝኾኑ ናእሽቱ መንእሰያት ዝወሃብ ዝተፈላለየ ትምህርትታት፣ ኣብ ረቡዕ እዩ ዝካየድ።

Loisirsjeunes.ch፡- ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ስፖርት፡ ስነ-ጥበብ፡ ባህላውን መዘናግዕን ንጥፈታት ዝሓዘ መርበብ ሓበሬታ፡ ነቶም ኣብ ኣውራጃ ጀኔቫ ኣብ እዋን ክፍለ ግዜ ወይ ትምህርታዊ በዓላትን ዝርከቡ ህጻናትን ናእሽቱ መንእሰያትን ዝዓለመ እዩ።

ማእከላት ማሕበረኮም፡- ኩለን ኣብ ጀኔቫ ዝርከባ ምምሕዳር ከተማታት ናይ ገዛእ ርእሰን ማእከል ማሕበረኮም ኣለወን። ኣብኡ፡ ነቶም ኣብ ዞባዊ ቦታታት ዝነብሩ ህጻናትን ዓበይትን ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ይካየዱ እዮም።

ማእከላት ምዝንጋዕ፡- ንህጻናት ዝኾኑ ብዙሓት ንጥፈታትን ከምኡ ድማ ናይ በረኻ ጉጅለኣዊ ምዝንጋዕ ትምህርታዊ በዓላትን ኣለዉ።

ጃርዲን ሮቢንሰን (Jardin Robinson)፡- ኣብ ብዙሓት ምምሕዳር ከተማታት ዝርከቡ ኮኖም፡ ንህጻናት ዝኾኑ ብርክት ዝበሉ ንጥፈታት ይህቡ እዮም።

Païdos/Atelier des Bricolos፡- ንስደተኛታት ህጻናት ዝኾኑ ብዙሓት ንጥፈታት፡ ፍጻሜታትን ናይ በረኻ ጉጅለኣዊ ምዝንጋዕ ኣለዉ።

Villa Yoyo፡- ዕድሜኦም ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ንዝርከቡ ህጻናት ዝወሃቡ ናጻ ንጥፈታት ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ረቡዕ፡ ቀዳምን ኣብ እዋን ትምህርታዊ በዓላትን።

ኩሎም መራኸቢታት ወይ ሊንክስ ኣብ መርበብ ሓበሬታ "Bonjour Genève" ክርከቡ ይኽእሉ።

## 6. ኣብ ስዊዘርላንድ ኣየናይ እዩ እቲ ሕጋዊ ስርዓት ቅጥዒ?

በይኖም ዝተረፉ ህጻናት፡- ንህጻናት ንበይኖም ኣብ ገዛ ከይትገድፍዎም ኣትሪርና ንመኽረኩም።

ንህጻናት ናብ ትምህርቲ ምውሳድ፡- ንውሕስነት ተባሂሉ፡ ወለዲ ንህጻናት ደቆም ናብ ትምህርቲ ክወስድዎምን ተመሊሶም ኣብ ግዜኦም ተረኺቦም ድማ ካብ ትምህርቲ ንገዛ ክመልስዎምን ትጽቢት ይግበረሎም።

ንደገ ምውጻእ፡- ትሕቲ ዓሰርተ ሽዱሽተ ዓመት ዝዕድሜኦም ናእሽቱ መንእሰያት፡ ብዓበይቲ ሰባት ተሰንዮም እንተዘይኮይኖም፡ ናይ ምሸት ድሕሪ ሰዓት 10 ናይ ድ.ቕ.ንደገ ክወጽኡ ኣይፍቀደሎምን እዩ።

ኣብ ስዊዘርላንድ፡ናይ ዝበዝሑ ዕድመ ዓሰርተ ሸሞንተ እዩ። ወለዲ፡ ህጻናት ደቆም ክሳብ ናይ ዝበዝሑ ዕድመ ዝበጽሑ ሕጋዊ ሓላፍነት ኣለዎም። ንጾታዊ ርክብ ፍቓድካ እትህበሉ ዕድመ ዓሰርተ ሽዱሽተ ዓመት እዩ።

ግዱድ መርዓ፡ ገበናዊ ሕጊ ስዊዝ ግዱድ መርዓ ወይ ዝኾነ ፈተነ ግዱድ መርዓ ወይ ግዱድ ዝምድና ዝኽልክል ኮይኑ፡ ምስ ዘጋጥም ናይ ማእሰርቲ ፍርድን ከቢድ ገንዘባዊ መቕጻዕትን ዘኸትል እዩ።

ቆሪጽካ ምእላይ፡- ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ቆሪጽካ ምእላይን ብልዕቲ ዓለንስተይቲ ምኽንሻብን ዝተኸልከሉ ኮይኖም፡ ምስ ዘጋጥሙ ናይ ማእሰርቲ ፍርድን ከቢድ ገንዘባዊ መቕጻዕትን ዘኸትል እዩ።

ጎነጽ፡- ምክልኻል ጎነጽ ካብ ቀንዲ ማሕበራዊ ፖሊሲ ስዊዝ ኮይኑ፡ እቲ ፍጻመ ገበን ዋላ ንእሽቶ ይኹን፡ ኩሎም ተግባራት ጎነጽ ወይ ኣዕናዊ ጸይቂ ዘቕጽዑ እዮም።

ነቶም ትሕቲ ዓሰርተ ሽዱሽተ ዓመት ዝዕድሜኦም ህጻናት፡ ኣልኮላዊ መስተ ምስታይን ትንባኾ ምትኻኽን፡ ዉጉዝ ኮይኑ፡ ከምኡ'ውን ሓሸሽ ምዝውታር ፈጺሙ ዝተኸልከለ እዩ።